# ብጉርሒ ኣይትህነጽ ዓዲ ብሓሶት ኣይቐንዕ ፍርዲ

ክቡራት ኤርትራውያን ፣ መናበሪ ዝኸውን ዳኣ ንስራሕ እምበር፣ መናገሪ ኣይንፍጠር ፣ ኣነ ብዛዕባ ነቲ ኣካል ኪዳን ዝኾነ ናይ ብሄረ ኩናማ መራሒ ዝኹንን ብገለ ናይ ብሄረ ኩናማ ሰባት ተጻሒፉ ናብ ኪዳን እተላእከ ተባሂሉ ኣብ መርበብ ኣሰና ተዘርጊሑ ዘሎ ምስ ረኤኹ ገሪሙኒ። እንታይ ኮይኑ ገሪሙካ ዝብል ሕቶ እንተተቐልቀለኩም ምስ ምንታይ ስለ ዘታሓሓዝካዮ ኢኻ ወስኹሉ።

ብቐዳምነት ለምቅነ ሓንቲ ንኤርትራውያንን ንጉዳይናን ዘይትውክል ዋዕዋዕታ ኣላ፣ ንሳ ካኣ ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ዘተ ንምግባር እትጽውዕ ኣካል ተፈጢራ ከም ዘላ እተብ ርህ ወይ እተበስር ኢያ። እዛ ሓንቲ ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ዘይትፍለጥ ሓዳስ ጉጅለ እዚኣ ንናይ ኤርትራውያን ሃገራዊ ዋዕላ ከነጣጥሕ ንው ዝብል ጸዋዒት ትገብር ንኣመሪካን ኤውሮጳን ብዛዕባ ጉዳይ ሃገርና ከተረድእን ኢያ ዝብሉ ኣለው። ዋእ እንድሕሪ ካብተን ኩሉ ዝፈልጠን ኣብ ኪዳን ዘለዋ ይኹና ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ውድባትን ኣብ ሲቪክ ሶሳይቲ ዘለዋ ፍሉጣት ኣካላት ደምበ ተቓውሞን ወጻኢ ብዝኾነ መንገዲ እዚ ኹሉ ትገባብር ሃልያ ብወገነይ ሓንቲ ዘይንፈልጣ ኣካል ብዘይንርእዮ ኣንጎሎ መጺኣ ስልጣን ህዝቢ ኤርትራ ክትምንጥል ትፍትን ዘላ ኣካል ኮይና ኢያ ትርኣየኒ፣ ጭው ዝበለ ጌጋ ኢዩ፣ ሎሚ ዳኣ መን ነመን ኢዩ ከዘንግዖ፣ ቀደም ብጊዜ ሃይለስላሴ ምስ ምዕራባውያን ተማሓዝዩ ፣ ምሕላፍ ከሊኡና ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ፣ ሎሚኸ ብሒል ጎቦ ተጠውዩ ነዚ ኹሉ ኣካላት ደምበ ተቓውሞ ኣዕሚቱ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ባዕለይ ኣለኹዎ ዝብል ሕሉፍ በየን በሪቑ። ምስ እዚ ብዝተታሓሓዘ ክሓስቦ ከለኹ፣ እቲ ንናይ ኩናማ መራሒ ዝኹንን ጽሑፍ እውን ምስቲ ናይ ስልጣን ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምምንጣል ተግባር ዘካይድ ዘሎ ሕቡእ ጉጅለ ብምትእስሳር ስለ ዝገምገምኩዎ ኣንታ እዞም ኤርትራውያን ንኽይሓልፈልናን ነቲ ዘለና ሽግር ብቓልስና ከይንሰግሮን ንምዕንቃፍና ዝሰርሑ ክንደይ ይበዝሑ ዝብል ሓሳብ ስለ ዝኈሕኈሓኒ እዚ ክጽሕፍ ተገዲደ።

ኣቱም ክቡራት ኤርትራውያን ዓድኻ ክዝመትዶ ዓይንኻ ትዕመት እንድዩ፣ ንሕና ኤርትራውያን እታ ኣውራ ሕማም ህዝብና ንምታይ ስምረት ኤርትራውያን ዘይዕቀብ ኢዩ፣ ብትብዓት ንፋሕፋሕ ዘብሉና ክንምክቶም እንተዳኣ ዘይኪኢልና ካኣ እቲ ህዝብና ዝደልዮ ናይ ሓቂ ስምረት ክመጽእ ኣይክእልን ኢዩ።ስለ'ዚ ፋሕፋሕ ንዘብሉና እናመከትና ነቲ ባህርያዊ ፍልልይ ማለት እዚ ይሓይሽ እዚ እባ ይሓይሽ ኣብ ምባል ዘጋጥም ባህርያዊ ምኽኑ ህዝብና ምሉእ ተርድኦ ከምዝህልዎ ጌርና ሃገርና ብሕጊ ከነናብርን ህዝብና ካብ ዘለዎ ሓሳረ መከራ ከነ ድሕንን ንዝገብር ወይ ዘኽእል ዕላማ ጥራይ ንስራሕ ካብዚ ወጻኢ ካልእ ኩሉ ንጠቕምና ኣይኮነን። ክቡራት ኤርትራውያን ኣስተውዕሉ፣ ህዝቢ ኤርትራ ንሳልሳይ ጊዜ ከይንጋገ ጥንቃቐ የድሊ ኣሎ። እቲ ጌጋታት ክራኣየና ከምዘለዎ ንምግባር ገለ ክጠቅስ ኣብ ጊዜ ዓደየ - ዓደየ ንኢትዮጵያ ዝብሉ ስዒሮምና ዘይኮነስ ኣደናጊሮም ፣ ብኣንጻር ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከም ንቑረን ስለ ዝገበሩ፣ነቲ ሽዑ ብተንኮል ዝኣሳሰርዎ ክንፈትሕ 30 ዓመት ዝኣክል ግዜ ተዋጊእና ሃገር መጺኣ ምስ ተባህለ እዚ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ከም'ዚ ንርእዮ ኮይኑ።

ኣብቲ ጊዜ ውግእ ሓዊ ኣጕዶም ንሕና እናተዋጋእና ንህዝቢ ኤርትራ ተረፍ ዘይብልና፣ ነቶም ዝተረፍና'ውን መሪሕ ዘይብልና ኰና ከም ንተርፍ ዝተገብረ ስርሒ ወይ ተንኮል ጸብጺብካ ኣይውዳእን ኢዩ።ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ኣዝዮም ፍሉጣትን ፈላጣትን ኣብ ጉዕዞ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ጀብሃ ዝጠፍኡ ከም ክቡር ተጋዳላይ ዓብደልቃድር ሮሞዳንን ፣ ከም ክቡር ተጋዳላይ ዶክተር ፍጹም ገብረስላሴን ክንጠቅስ ከለና ካልኦት ብዙሓት ጀጋኑ ካኣ ፋሉል ብዝብል ምኽኒት ጠፊኦም እቶም ለባማት ኣብ ኣሕዋትና ኣይንትኩስን ንኤርትራውያን ነንሕድሕድና ክተጣፍኡና ኣይኮንኩ ምን፣ ንሕና ጸላእትና ካብ ሃገር ኣውጺእና ነጻነትን ሓርነትን ከነምእ እምበር ምስ ኣሕዋትና ክንዋጋእ ኣይመጻእናን ንዝበሉ ለባማት ጀጋኑ ብኣላሽ ኣጥፊኦም ዎም ንኻልኦት ብዙሓት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብኸንቱ ዝጠፍኡ ንመዝገብ ታሪኽ ንገድፎም።

ኣብ ሻዕብያ እንተኸድካ ካኣ መንካዕን የሚንን ከም ንምጥቃስ ዝኣክል እምበር እቶም ከም መመኽኔታ ጽልዋ መንካዕ ኣለካ፣ ጽልዋ የሚን ኣለካ እናተባህሉ ዝጠፍኡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ጀጋኑስ ማእለያ የብሎምን ንሶም'ውን ንመዝገብ ታሪኽ ንግደፎም። ብሓጺሩ ብዝተሓላለኸ ተንኮላት ነቶም ዝሰምዑን ዝስም ዑን እናጥፍኡ መጺኦም፣ ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ካኣ ኣብ ምሕዝነት ክምስረት ከሎ ዘይፍሉጥ መዝረጋ ኣእትዮም እታ ዓባይ ጅብሃ ኣብ ክልተ ከም ትኽፈል ጌሮም እቲ ትኣኪቡ ኣንጻር እቲ ስርዓት ጠጠው ክብል መደብ ዝገበረ ሓይሊ ኣብ ምድኻም ገዚፍ ተራ ተጻዊቶም። ሕጂ ካኣ ብረታዊ ቃልሲ ፈኺም ክብል ምስ ረኣዩን እቲ ሓጺናዊ ሓይሊ ህዝቢ ዝኾነ ናይ ሲቪክ ሶሳይቲ ሓይሊ ብቕንዕና ናብታ ኩሉ ጊዜ ህዝብና ሃረር ዝብላ ዝነበረ ሓርነቱ ንምዕቋብ ጥዑይ ኣንፈት ሒዙ ክምርሽ ምስ ተዓዘቡን፣ ንመሪሕነት ቢሄረ ኩናማ ዘጸልም ናይ ውዲት ጸለመ ይገብሩ ኣለው ኢለ ስለ ዝኣመንኩ ኢዩ፣ ቁንጽል ኣቢልካ ንሓደ ኣካል ኪዳን ዝኾነ መራሒ፣ ኣብ እዚ ስንኩፍ እዋን ዝሃርምን ዝኹንን መንዩ፣ በታኒና ይበትነልና ዳኣ ንበል እምበር ካብ ኣካል ተቓለስትስ ነዚኣ ክዝርግሕ ኣይምተገብኤን፣ ግን ድሓን እቲ ናይ ሎሚ ቃልሲ ናይ ኣውዲቕካ ሕለፍ ኣይኮነን፣ እንታይ ዳኣስ ተጣማጢምካ ናብ ሕጊ ቅረብ ኢዩ፣ እቲ ዘራጊ ድማ ክርከብ ኢዩ።

ክቡራት ኤርትራውያን ኩሉ ግምት ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ ሓቂ ኣይኮነን እንድዩ፣ እዚ ኣነ ዝብሎ ዲዩ ሓቂ ወይስ እቲ ናብ ኣሰና ሰዲዶም ዝዘርግሕዎ ሓቂ ንምምዛን ክጥዕመኩም፣ ከም'ዚ ዝብል ሕቶ ኣብ ሓሳብኩም ሕተቱ ምንቅስቓስ ብሄረ ኩናማ ኣካል እቲ ብኺዳን ተጠርኒፉ ዘሎ ናይ ደንበ ተቓውሞ ሓይሊ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ፣ ሕጂ ካኣ ደርማስ ሃገራዊ ሓይሊ ክኸውን ዝውንጨፍ ዘሎ'ዩ፣ እቶም ናይ ሓቂ ብኤርትራ ዝሓስቡ ኤርትራውያን ካኣ፣ ሓይሊ ደሪቦም መድሕን ሃገር ዳኣ ይገብርዎ እምበር ነዚ ኣጥፍኡ ማለት ጥፍኣት ኤርትራውያን፣ ምኻኑ ይፈልጡ ኢዮም፣ ብሓጺሩ ሓደ ካብቶም ኣለና እንብሎም ኣካላት ቃልስና ኢዩ። ስምዑ ኤርትራውያን ንሕና ባይቶ ምስ መስረትና ብዘተ ኩሉ ጉዳያትና ጥዑይ መዓልቦ ክሕዝ ኢዩ፣በዚ ዝካየድ ዘሎ ግን እቲ ኣብ ረርእስና ዘሎ ሕማማት ከይወጸ ጥዑይ ክንሓስብ ኣይንኽእልን ኢና፣ ስለ'ዚ ንዝኾነ ፍልልያት ብሕጊ ምእንቲ ክንገዝኦ ብኽመይን በየናይ መገድን እታ እንኮ መድሕንና ዝኾነት ሃገራዊ ባይቶ ንምግባር ንበቕዕ ጥራይ ይኹን ቃልስና።

ሃገራዊ ዋዕላ ካኣ ከመይ ጌርና ምስ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ኮንና ውሑስ ከም ንገብሮ፣ ዳኣ ንቃለስ እምበር ብዘይ ንፈልጦ መገዲ መጺኡ፣ ብቓልሲ ንዝተደኮነ ሃገራዊ ሓይሊ ክስዕር ዝሕልንሲ ዓድኻ ክዝመትዶ ዓይንኻ ትዕመት እንድዩ ንጉዳይናስ ብቕኑዕ ልብን ብቕኑዕ መገድን ዳኣ ንሓዞ ዘይንፈልጦ፣ ብዘይንፈልጦ መገዲ መጺኡ ገበርኩዶ ሓደግኩዶ ክብልሲ ኣይንታዓመትን ኣይንታሃመልን ዳኣ። ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ካኣ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘለዎ ይዝትየሉ ኢዩ

ዘሎ፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ከይጸውዔ ክትግብሮ ዝኽእል ሓይሊ ድማ የለን፣ ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ዝተዘንግዖ ተማሂሩሉ ኢዩ፣ ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን

ሎሚ ካብ ደምበ ተቓውሞ ወጻኢ ብዝኾነ መንገዲ ዋዕላ ተዳሉ ኣካልን፣ ንቐርነሊዮስ ዝኹንን፣ ጽሑፍን ናይ
ኤ.ህ.ም. ዋዕዋዕን እንታይ ኣታኣሳሰሮ።